# ዳዊት ኢሳቕ ናይ ፔን ክለብ ሽልማት

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
16.11.2009

በቲ ኣብ ሽወደን ዝርከብ ኣካል ኣህጉራዊ ማሕበር ፔን ክለብ ዝኾነ ትካል፡ ትማሊ ዕለት 15 ሕዳር 2009 ዓመታዊ ሽልማት ንጋዜጠኛ ዳዊት ኢሳቕ ተዋሂቡ። እንተኾነ እቲ ነስታት ሸሞንተ ዓመት ማለት ን2975 መዓልታት ኣብ ዘይተፈልጠ ቤት ማእሰርቲ ምልካዊ ስርዓት ዝሳቐ ዝርከብ ዘሎ ዳዊት ብኣካል ተረኺቡ ነቲ ሽልማት ክቕበሎ ስለ ዘይከኣለ፡ በዓልቲ ቤቱ ወሮ ሶፊያ ካብ ኢድ ኣቦ መንበር'ቲ ማሕበር ተቐቢላቶ።